Information & Fakta

# Folkpartiet: ሊበራላዊ ሰልፊ ሰዊድን

Folkpartiet ናይ ሰዊድን ሊበራላዊ ሰልፊ እዩ። ቀንዲ እምነትና ማለት ሊበራላዊ፡ ዘይጎነጻዊ አረአእያ አብ ዘለዎ ዝኾነ ውልቀሰብ ዝተመርኮሰ ኮይኑ፤ ዕላማ ፖሊሲታትና ከአ፡ ዝኾነ ውልቀሰብ ትምኒቱ ንኽማልእ ዘድልዮ ነጻነትን ጥጡሕ ባይታ ምፍጣርን እዩ። ብተወሳኺ አብ ናይ ሰባት አረአእያን ሕልናን ንአምን ኢና።

## መጻኢታትና

ናይዚ ዓመት ምርጫ አብ መጻኢ ሰዊድን ዘተኮረ እዩ። ስለዝኾነ ሰዊድን ቀንዲ ተወዳዳሪት ክትከውንን አብ መጻኢአ ክንአምንን እዩ። ፖለቲካዊ መርገጺና ዝገልጻ ሰለስተ ቃላት አለዋ፡ እዚኤን ከአ፡ ፍልጠት — ስራሕ — ድሕንነት እየን። እዚ ዘብርሆ ከአ፡ አብ እዋንና ዘሎ ናይ ዓለም ለኻዊ ዕዳጋ ሰዊድን ብኸመይ ታዓዋቲት ከምትኸውን ዘለና ድሌት ዘብርህ እዩ።

## ፍልጠት

እዚ ክንብል ከለና ማለት ድማ፡ አብ መባእታዊ ትምህርቲ ናይ ምንባብን ምጽሓፍ ክእለት ምትእትታውን ከምእውን አብ ንትምህርትን መባእታዊ ክፍልታት ብርክት ዝበለ ገንዘብ ምስላዕ ማለት እዩ። አብ አባይቲ ትምህርቲታት ምልጋጽ፡ ምብአስን ጎነጽን ደው ንኽብል፡ ንመመሃራን ተወሳኺ ስልጣን ናይ ምሃብን ሓዲሽ ናይ ጠባይ መአረሚ መንገዲ ከነታአታቱ ድሌት አለና። ናይ ላዕለዋይ ትምህርቲ ደረጃን ናይ ምርመራ ብቕዓት ሓፍ ከነብሎ ድሌትውን አለና።

## ስራሕ

እኹል ፍልጠት ብምርካብን አብ ካምፓኒታት ነዚ ፍልጠት ብምጥቃም ተወሳኺ ፍልጠት ብምቕሳም፡ ተወሳኺ ስራሕ ክፈጠር ይከእል። ከምእውን ብዙሓት ሰባት ናይ ባዕሎም ካምፓኒ ክኸፍቱ ንክኽእሉ፡ ጥጡሕ ባይታ ክፍጠረሎምን ቀረጽ ክጎድለሎምን ይግባእ። ቀረጽ ክጎድል አለዎ ክንብል ከለና፡ ነቶም ትሑት አታዊ ዘለዎም ንምክልኻል ተባሂሉ እዩ፡ ከምውጺኢቱ ድማ ካብ መንግስቲ ተጸባዪ ካብ ምኻን ሰራሕተኛ ናይ ምኻን ዕድል ብቐሊሉ ክርከብ ይከኣል።

## ድሕንነት

አብ ናይ ብሕቲ ካምታኒታት ድሕንነት ዘረጋግጽ ስራሓት ክህሉ ይግባእ። ልዑል ቀረጽ ምኽፋል ዝበለጸ ናይ ጥዕና አገልግሎትን አረገውቲ ናይ ምእላይ ናይ ምርካብ ዕድል ይፈጥር። አብ ናይ ጥዕና አገልግሎት ዝህባ ቦታታት ሪጋ ክውሕድን ውሕስነት ዘለዎ ሕክምና ክቀርብ ይግባእ፤ ከምእውን ናይ ባዕልኻ ዶክተርን ሆስፒታል ክትመርጽ ዕድል ክርከብ ይግባእ። አብ ሕብረተሰብና ዝርከቡ ኩሎም አረገውቲ ድማ ናይ ምእላይ ዕድል ክረኽቡን ዝድልዮም ሓገዝ ንኽረኽቡ ውሕስነት ክፍጠር ይግባእ። ነቶም አብ መአለያ አረገውቲ አትዮም አገልግሎት ክረኽቡ ዘይከአሉ ድማ፡ ዘድልዮም ንኽረኽቡ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክወሃቦም ይግባእ። ገበን ንምክልኻል ተወሳኺ ድሕንነት ክቀርብ ይግባእ። ተወሳኺ ናይ ፖሊስ ሓይሊን ዝተፈጸሙ ገበናት ብግቡእ ክምርመሩ አለዎም። ከምእውን ፖሊስ ገበናት ንምክልኻል ተወሳኺ ስልጣን ክወሃቦም ይግባእ።

## ምውህሃድ

አብ ሰዊድን ብዙሑት ሰባት ብሰንኪ መበቆል ዓደሞ፡ ካብ ስራሕ፡ ማሕበረኮምን ማሕበረሰብን ትነጺሎም ይርከቡ። እዚ ተነጽሎ እዚ ከአ እንዳዓበየ ይኸይድ አሎ። ስለዚ፡ ብስራሕን ዝበለጸ ትምህርቲ ብምቐራብን፡ ድሕንነቱ ዝተሓለወ አከባቢ ብምፍጣርን ተሪር ቃልሲ አንጻር ዓሌታዊነት ብምክያድን ንሰዊድን ዝበለጸት ቦታ ክነግብራ ንኽእል ኢና። ሰልፊ ሊበራል ከአ፡ ነዚ ምፍልላይ ንምውጋድ ክሰርሑ ዓቅሚ ዘለዎም ሰባት ናይ ስራሕ ዕድል ብምሃብን ናይ ሰዊድን ቛንቛ ብቀዳምነት ብምስራዕ ዝበለጸ ትምህርቲ ብምቕራብን ተሪር ቓልሲ አንጻር ምፍልላይ ብምክያድን አብ ምፍልላይ ዝረአዮም ቦታታት ሰለስተ ዕጽፊ ናይ ፖሊስ ሓይሊ ብምምዳብ ንሰራሕን ምዕባለን ክንቃለስ ኢና። ዝኾነ ሰብ ናይ ሰዊድን ዜጋ ክኸውን፡ ቁሩብ ቛንቛ ሰዊድን ክእለት ክህልዎ አሎዎ ዝብል እምነት አለና።

## ዓለም ለኻዊ ሓድነት

Folkpartiet ዓለም ለኻዊ ሰልፊ እዩ። ግሎባላይዘሽን (ዓለም ለኻዊ ሓድነት) ንድግፎ ኢና። ስለዝኾነ ከአ EU (ኤውሮፓዊ ሕብረት) አብ ስግረ ዶብ ከተኩርን ናይ ነጻ ዕዳጋን ሓገዛቱ ከስፍሕ ትምኒትና እዩ። ናይ ሰላም ውሕስነት ክረጋገጽ ዝኽእል ዘይሕለል ናይ ምትሕግጋዝን ምርድዳእ ጻዕሪ ብምግባር እዩ። በዚ መርገጺ መሰረት ከአ ሰዊድን አድማዒ ዝኾነ ናይ ወጻኢ ጉዳያት ፖሊሲ ክህልዋ አሎዎ ንብል። ብኻልእ ወገን ድማ፡ ፍትሓዊ ዘይኮነ ነገር ክፍጸም ከሎ ድምጽና አጥፊእና ትም አይክንብልን ኢና። አብ ናይ ሓገዝ ፖሊሲታት ንዲሞክራሲን ሰብአዊ መሰላት ምድጋፍ ቀዳምነት ክስራዕ አለዎ።

## ናይ ጾታ ማዕርነት

ናይ ጾታ ማዕርነት ክመሓየሽ ይግባእ። አብዚ እዋን ደቂ ተባዕትዮን ደቀ አንስትዮን ዝተፍላለየ ተቐባልነት፡ ዕድልን አተሓሕዛን አለዎም። አብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ክልተ ዓመታት አብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮን ደቀ አንስትዮን ዘሎ ናይ ደሞዝ መጠን ፍልልይ አይተቐየረን። እዚ ኸአ ተቐባልነት የብሉን።

Folkpartiet
www.folkpartiet.se
020-53 53 53